## *ዓመታዊ ኣኼባ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ን/ጨ ሰሜን ጀርመን (ታሕታይ)*
## *ብዕለት 06.12.2015 ኣብ ከተማ ዱዝልዶርፍ ተኻይዱ*

*ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ጉጅለታት ከተማታት ቢልፈልድ ከለን ሙንሸንግላድባኽ ቡፐርታል ክረፌልድን ዱዝልዶርፍን "ቅኒት ዉሁድ ስትራትጂ መኸተ" ብዝብል ቴማ ብዕለት 6.12.2015 ኣብ ከተማ ዱዝልዶርፍ ምስ ኣብ ዝተቓንዐ ዓመታዊ ኣኼባ ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱ ኣብ ሓፈሻዊ ህልው ኩነታት ሃገርን ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ብህዝብን መንግስቲ ኤርትራን ዝሰላሰሉ ዘለዉ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ዓወታትን ፡ ዝጸበዩና ዘለዉ ብድሆታትን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ሃበ። ኣስዒቡ ኣብ ቆንስላዊ ኣገልግሎት ኣመልኪቱ ንተገልጋሎ ዘጓንፍ ጸገማት ብምልላይ፡ ርእዮታት ህዝቢ ኣብ ግምት ብምእታው ካብ ሕሉፍ ጌጋታት ብምእራምን ፡ ህዝቢ ዝረብሓሉን ተገልጋሊ ስሉጥን ጽፉፍን ዝሓሸ ኣገልግሎት ዝረኽበሉ ኣገባባት ብምትእትታው በብእዋኑ እናተመሓየሸ ክኪይድ ጻዒሪ ይካየደ ከምዘሎ መብርሂ ብድሕሪ ምቕራብ ፡ ብቀጻሊ ካብ ኣባላት ዝቐረበ ሕቶታት ብምምላስ ሰፍሕ መረዳእታ ብድሕሪ ምቕራብ ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱ ንኣባላት ግንባር ንዳነፎም ብድሆታት ድልዋት ንኹኾኑን ኣብ ኩሉ ንጥፈታት መሪሕ ኾይኖም ንኹሉ ተጻብኦታት ንምፍሻል ተርኦም ከዕብዩ ከመዘለዎም ብምዝኽኻር መግለጺኡ ዛዘመ።*

*ብድሕርዚ ብኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ.ደ.ፍ. ን/ዞባ ጀርመን ፡ ብውዳቤታትን ማሕበራትን ግዱሳት ሃገራውያንን ኣብ ዝተሰላሰሉ ዓወታት ፡ብድሕሪ ምግላጽ ፡ እዚ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ደገን እንጭብጦም ዘሎና ዓወታት ስለ ዝተወደብናን ስለ ዝተጠርነፍናን **ኮይኑ** ። ዝጨበጥናዮም ዓወታት መሰረት ብምግባር ደረጃን ዓይነት ኣወዳድባናን ምስ ደረጃን ዕቤየት ሕብረተሰብና ክሳነ ስለዘለዎ፡ እናተሓጋገዝና፡ እናተወሃሃድናን እናተማላላእን ንዚጋጥሙና ዘለው ተጻብኦታት እንምክተሉ ምሃልውና ኣብ ዝተፈላላዩ ኣጋጣሚታት ተመስከረሉ ተረጋገጸሉን እዩ ክብል ፡ ንተሳተፍቲ ዓውደ ዘተ መኸሰ።*

*ሰዒቡ ኣብቲ ሕምረት ኣርእስቲ ናይዚ ዓመታዊ ኣኼባ "ውሁድ ስትራተጂ ኤርትራዊ ግሎባል መኸተ"ብዝብል እዋናውን ኣገዳስን ዛዕባ ፡ብኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ.ደ.ፍ. ን/ዞባ ጀርመንን ብኣቶ ተኽሉ ለባስን፡ ኣባል ኢምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣብ ዘቕረብዎ ሰፊሕ ኣስተምሮ ፡ ካብቲ ንፍርቂ ዘመን ኣቢሉ ዝኸደ ታሪኻዊ ፖለቲካዊ ማሕበራዊ ቁጠባዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ናጽነት ብረቂቕን ሓያልን በሊሕን ዝሓለፎ ብብረታውን ሰነ፥ኣእምራዊን ልዕሊ 65 ሽሕ መስዋእቲ ብሉጻት ደቁ ብዝኸፈለሉ ዓውደ ኩናት ናጽነቱ ዝጨበጠሉ ፡ ድሕሪ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምውሓስ ምክልኻል ሃገርን ሱር ንምምሓው ኣብ ኩሉ መዳያት ፖለቲካዊ ቁጠባዊ ማሕበራዊ ባህላውን ትንሳኤ ንምርግጋጽ ኣብ ውሽጢ ዘይምቹእ ዞባውን ኣህጉራውን ኩነታት ንርብዒ ዘመን ዝ ኣክል ከይተሓለለ ኣብ ዝቃለሰሉ ዘሎ ሁመት ገና እቶም ግዳይ ሕሰምን መግዛእቲ ዝገበርዎ ህልውነት ሃገረርን ህዝቢ ኤርትራን ዘይወሓጠሎም ዓበይትን ሓያላትን ኣህጉራውያንን ትካላትን ኣንጻር ህዝቢን መሬት ኤርትራን ተጻባኢ ፖሊሲታቶም ንምዕዋት ደቃስ ዘይብሎም ንውድብ ብሕቡራት ሃገራትን ትካላቱን ከም መሳርሒ ይጥቀምሉ ብምህላዎም፡ ነዚ ንምብዳህ ኣብ ውሽጢ ኣብ ወጻእን ዘሎን ህዝቢ ኤርትራ ገና ኣብ ምስ ግዜ መክልዑ ቀይሩ ዓውደ ኩናት ከምዘሎና ሰፊሕ መብርሂ ሃቡ።*

*እምብኣርከስ "ኣብ ኩናት ጸኒሕና ኣብ ኩናት ኣሎና" ንኹሉ ኤርትራዊ ርዱእ ኮይኑ ብሓያልን ምዕብሉን ኣገባብ ከም ወትሩ ከይተሓለልና ክሳብ ፍጹም ዓወት መኸተና ቀጻሊ ክኸውን ከሎ፡ ብቐዳምነት ኩነታትናን ኩነታት ጸላእትናን ምግምጋም ኮይኑ፡ ዕላማና ኤርትራ ልዑላውነታን ሓድነታት ዝደልደለ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘረጋገጸት ሓያል ሃገር ምህናጽ ክኸውን ከሎ፡ ዕላማ ጸላእትና ድማ ኤርትራ ንኺይትህሉ ወይ ካኣ ብቑጠባ ዝደኸመት፡ ተኣዛዚትን ዝተበታተነት ሃገር ንምግባራ ኢዩ። ስለዚ ዕላማና ኣይተቐየረን ዕላማ ጸላእትናውን ኣይተቐየረን ድሕሪ ምባል ኣብ ልዕሊ ጸላእትና መሊእና ክንዕወት ውሁድ ስትራተጂ መኸተ ከምዘድልና ብኣብነታትን ጭብጥታትን ዝተሰየ መረዳእታ ብምቕራብ ፡ ገና ኣብ ዘይንቡር ኩናት ስለ እንርከብ ብቐንዱ ጸላእትና ኣለሊና ድኹም ጎኖም ምፍላጥን ብዝተወደበ ግብረመልሲ ምሃብን ከምዘድሊ፡ ብወገናውን ሓያል ጎንና ፈሊጥና ኣተሓሳስባና ኣስፊሕና ኣብ ልዕሊ*

*ተጻባእትና ክንዕወት ኣሎና ድሕሪ ምባል ብቐንዱ ዓወትን ፍሽለት ኣብ ኣእምሮን ኣተሓሳስባን ስለዝኾነ ኣብዘን ዝሰዕባ ኣገደስቲ ስትራተጃዊ ምዕብልና ዓቕሚ ሰብ ምምዕባል ፡ ደቅና ኮነ ነብስና ብሞያን ፍልጠትን ክንዓብን ኣብ ሕብረተ-ሰብና ኣበርክቶ ክንገብር ከነተባንዕ። ምሁራትናን ሞያውያን ኪኢላታትና ከነለልን ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ምትእስራርን። ዜጋታትና ብቑጠባ ክዓብዩ፡ ወነንቲ ዓበይቲ ገንዘብን ንብረትን ክኾኑ ኣብ መወዳእታ ካኣ ኣብ ሃገሮም ከምዘውፍሩ ምትብባዕ። ከምኡውን ንሰብ ጸጋ ዜጋታትና ከነለሊን ከነተባብዕን።. ፍርያት ሃገር ምስ ዘለናዮ ሃገርን ዝምልከትን ትካላትን ምልላይ፡ በዚ መልክዕ ትካላት ናብ ኤርትራ ወፈሪ ክገብራ ሓበሬታ ምሃብ፡ ብዘይካ'ዚ ብዝተኻእለ መጠን ኣገልግሎት ዝህባ ኤርትራዊያን ትካላት ብቕዳምነት ምጥቃምን ምትብባዕ ፡ ክብርታትን ዘንጸባርቖሉ መደባት፡ ንምሳሌ ኣብ ፍሉይ መድረኽ ዝበዓል መበል 25 ዓመት ብሩራዊ ጽምብል ሃገር ብዙሕ ህዝቢ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንኸብዕል ምጉስጓስ ምኪያድን ምስትብባዕን ወዘተን ብንቕሓት ክንሰርሓሉ ናይ ነብስ ወከፍና መድረኻዊ ተልእኮና'ዩ ክብሉ ተላበዉ።*

*ኣብ መደምደምታ ካብ ኣባላት ዝቐረበ ሕቶታት ብምምላስ ሰፍሕ መረዳእታ ብድሕሪ ምቕራብ ተሳተፍቲ፡ኣብ ዕላማ ብምጽናዕ ብንሒን ሃገራዊ መንፈስን፡ ብውህደት ክሰርሑ ምኳኖም ቃል ብምእታው ፤ ኣኼበኛታት ሓበኖምን ሞጎሶምን ገሊጾም ፡፡*

*ዘለኣለማዊ ዝክሪ ንሰምእታትና*

*ዓወት ንሓፋሽ !*

*ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን ን/ጨንፈር ሰሜን ጀርመን (ታሕታይ)*
*ኖርድ ራይን ቬስትፋለን*
ዕለት 06.12.2015